# ዝርዝር መዘኸኻሪታት ንውሳነን ሕቶታትን

## ምኽርታትን ንዝርርብ ምስ ኣለይቲ ክንክን

### ]ሕቶኹም ሕተቱ

ኩሎም ወለዲ ኣይኮኑን ኣየናይ ሕቶ ንኣመኻሪኦም ክሓቱ ከምዝኽእሉ ዝፈልጡ። ንስኹም'ከ ካብኣቶም ዲኹም፧ እዚ ቀዳማይ ዝርዝር መዘኸሪታት፡ ንሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ክትሓትዎም ትኽእሉ ሕቶታት ኣብነት ዝሓዘ ኢዩ። እዞም ሕቶታት ኣብ ከምኡ ዓይነት ዝርርብ እንታይ ከም ዝበሃል ዝሕግዙ ኢዮም። እዚ ድማ ንዓኹምን ንውላድኩምን እንታይ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ንምፍላጥ ይሕግዝ። እዞም ኣቕሪብናዮም ዘሎና ሕቶታት ኣብነት ኢዮም፡ ብኽብረትኩም ናይ ገዛእ ርእስኹም ሕቶ ኣቕርቡ።

## ንዓኹምን ንውላድኩምን እንታይ ኢዩ ኣገዳሲ፧

ዕላማ ናይ`ዚ ርክብኩም ምስ ኣመኻሪኹም ዝያዳ ዝተመዓራረየ ክኸውን፡ ከምኡ`ውን ብምምይያጥ ንዓኹምን ንውላድኩምን እንታይ ከምዝሓይሽ ንምፍላጥ ኢዩ። ብሓባር ኮይንኩም ሓገዝ ኣድላይነት እንተ`ሎዎ፡ እቲ ሓገዝ`ውን እንታይ ዓይነት ምዃኑን ምውሳን ኣገዳሲ ኢዩ።

## እቲ ሓገዝ ሓጋዚ`ዶ ኔሩ፧

ኣብ መወዳእታ ብሓባር ኮይንኩም ዝተወሰደ ውሳነን ዝተዋህበኩም ሓገዝን ንዓኹምን ንውላድኩምን ጠቓሚ ኔሩ`ዶ ኣይነበረንን ክትውስኑ ኢኹም። ንህይወትኩምን ህይወት ውላድኩም ዝምልከት ውሳነ፡ ድሌታትኩም ኣብ ግምት ዘእተወ ምዃኑን ንምርኣይ ኣብ ዝስዕብ ገጽ ዘሎ ዝርዝር መዘኸኻሪታት ተመልከቱ።

## ምኽርታትን ሕቶታትን ኣብ 5 ኣርእስትታት ዝተኸፋፈለ ኢዩ።

### 1. ብሓባር ምውሳን

- ድሮ ብዛዕባይ እንታይ ትፈልጥ፧
- ነዚ ዝተሰማማዕናሉ መሲሉኒ ኔሩ፡ ግን...
  ክሳብ ሕጂ ለውጢ ኣይረኣኹን።
- ነፍሲ ወከፍ ግዜ ታሪኸይ ደጊመ ክገልጽ ኣገዳሲ ዲዩ፧
- ነቲ ኩነታት ብንጹር ክገልጾ ክኢለ`ዶ፧
- ነቲ ኣብ ጽሑፍ ሰፊሩ ዘሎ ክትሰደለይ ይከኣል`ዶ፧ ሽው ኣገዳሲ እንተ ኾይኑ ከስተኻኽሎ ወይ ክምልኣሉ፧
- ደሓር ክንምለሶ`ዶ ንኽእል፧ ንክውስን ግዜ የድልየኒ ኢዩ።

### 2. ትጽቢታት

- ንክተሓባበር ግዴታ ኣሎኒ ዲዩ፧ እወ እንተ ኾይኑ ንምንታይ እወ|ኣይፋል፧
- ነዚ ነገር ንምንታይ ንሰማምዓሉ፧
- ሓገዝ መዓስ ኢዩ ዝጅምር፧
- ዝስዕብ ዝርርብና መዓስ ኢዩ፧
- ንዝስዕብ ኣመኻሪ ብዛዕባይ እንታይ ክትብሎ ኢኻ፧
- ሓገዝ ቅድሚ ምጅማሩ፡ ነቲ ንወስዶ ውሳኔ ኣወንታውን ኣሉታውን ሸነኹ ኣብ ጽሑፍ ከነስፍሮ ንኽእል`ዶ፧
- ግጉያት ዝኾኑ ትርጓሜታትን ርእይቶታትን ኣብ ቤት ፍርዲ ክስተኻኸሉ ይኽእሉ`ዶ፧ ንዕኡ ዝምልከት ክትሕግዘኒ ትኽእል`ዶ፧

### 3. ተኽእሎታት

- ሸቶታተይ ክትጽሕፎም ወይ ብኢሜል ክትሰደለይ ትኽእል`ዶ፧ ኣነ`ኸ ሸቶታተይ ናብ መን ክሰዶ ይኽእል፧
- ዝርርብና ኣብ ዝስዕብ ኣብ ካልእ ቦታ ክንገብሮ ንኽእል `ዶ፧
- ኣብ ናተይ ኩነታት እንተ ትነብር እንታይ ምገበርካ፧
- ንመን ምሓተትካ ኣብ ናተይ ኩነታት እንተ ትነብር፧
- ፋይለይ ንክረክብ ንመን ከዘራርብ ኣሎኒ፧
- ክትትል ቈልዑ (OTS) ንክቋረጽ እንታይ ክገብር ኣለኒ፧ ክንደይ ግዜ ክወስደለይ ይኽእል፧
- ደቀይ ከምእንደገና ምሳይ መዓስ ክቕመጡ ይኽእሉ፧ እዚ`ኸ ክንደይ ግዜ ክወስድ ይኽእል፧
- ናይ ምዕባይ ሓላፍነት ናይ ደቀይ መዓስ ክመልስ ይኽእል፧ እዚ`ኸ ክንደይ ግዜ ክወስድ ይኽእል፧
- ንጹር ዘይኮነ ነገር ምስ ዝህሉ፡ ከም እንደገና ከተብርሃለይ ትኽእል`ዶ፧

### 4. ብሕታውን ናይ ብሕትኻ ጉዳይ

- ንፋይለይ ዝምልከቱ መሰላተይ እንታይ ኢዮም፧
- ፋይለይ ንኽርኢ ንመን ፍቓድ ክህብ ኣሎኒ፡ ኣብ`ዚ ሕጂ እዋን`ከ ፋይለይ መን ክርእዮ ይኽእል፧
- ዕረፍቲ ክወስድ ይኽእል`ዶ፧
- ክልቴና በይንና ጸኒሕና ክነዕልል ንኽእል`ዶ፧
- ብምስጢር ክይተቐድሐ ነገራት ከካፍለካ ይኽእል`ዶ፧ ዘይከኣል እንተኾይኑ`ከ ምስ መን ብዛዕባ`ዚ ኩነታት ብምስጢር ክዘራረብ ይኽእል፧
- ኣብ ነዓይ ዝምቸኣኒ ቦታን፡ ኣብ ቆልዓ ዝሕልወለይ ሰብ ዝረኽበሉ ግዜን ክንራኸብ ንኽእል`ዶ፧

### 5. ባዕልኻ ምግባር

- ናይ ገዛእ ርእሰይ ሸቶታት ከቕርብ ይኽእል`ዶ፧
- እንተ ዘይተሰማሚዐ እንታይ ክገብር ይኽእል፧
- ኣብ ዝመጽእ ዝርርብና ን... ክንሕውሶ`ዶ ንኽእል፧
- ፋሚሊ ግሩፕስ ፕላን ከዳሉ ምድለኹ ኔረ፡ ብኸመይ ከምኡ ክገብር ይኽእል፧
- ነዚ ኩነታት ባዕለይ ክፈትሖ ምደለኹ፡ ይከኣል ዲዩ፧

[1] እዚ ዝርዝር መዘኸኻሪታት ንወለዲ ብምትሕብባር ንወለድን እዩ ተጌሩ። ኣብቲ ንመንእሰያት ዝተዳለወ ፋይል ብዝሳነ ተዳልዩ። እዚ ዕዮ ብምትሕብባር ‘ Programma Richtlijnen jeugdhulp en jeugdbescherming i.s.m. Kuseema en Stichting Alexander’ ዝተባህላ ማሕበራት ዝተዳለወ እዩ።

## ናተይ ሕቶታተይ

እቶም ኣብ ላዕሊ ዘለዉ ሕቶታት ኣብነት ኢዮም፡ ርግጽ ኰንኩም ናትኩም ሕቶታት ሕተቱ።

እዚ ዝርዝር መዘኻኸሪታት ኣብ መዳይ ፕሮጀክት Samen Sterk ዝተዳለወ ኮይኑ፣ ሓባራዊ ፕሮጀክት Nidos ከምኡ እውን ARQ Centrum’45 እዩ።

ብኤውሮጳዊ ሕብረት ዝተመወለ